

# 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ብድምቀት ተኸብረ



መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ወርሒ መጋቢት ብሃ.ማ.ደ.ኤ. ጀርመን ደርጃ ብስሩዕ ኣገባብ ኣብ ምሉእ ጀርመን ዝኽበር ዘሎ ብዓላት 8 መጋቢት ፡ ብዕለት 24.03.2012 ድማ ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት "ሓድነትናን ጽንዓትናን ባብ ርሀው መጻኢና የርሑ!!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ካብ ብዙሓት ከተማታት ኖርድራይን ቬስትፋለን ብብዝሒ መንእሰያትን ሕጻናትን ዝተኻፈልዎ ብድምቀት ተባዒሉ። መደብ ብዓል ብዝኸረ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ኣደ መንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ. ሽቱትጋርት ወ/ሮ ደመት ስምኦን ንተሳተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ብድሕሪ ምቕራብ ፡ ነቲ በዓል ዝምልከት ካብ ሃ.ማ.ደ.ኤ.፡ ውሽጢ ሃገር፤ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራን ኣብ ጀርመን ፡ ሽማግለ መኸተ ጀርመንን ተላኢካ መግለጺታት ኣስምዐት። ኣሰዒባ ኣቕራቢት መደብ በዓል ሃ.ማ.ደ.ኤ ሽቱትጋርት ወ/ሮ ሓረጉ ሰለሙን ፡ እቲ ብኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ ተዳለወ ባህላውን ሃገራውን ፕሮግራማት ብዝርዝር ብድሕሪ ምግላጽ ፡ ብኣቦ መንበር ማ/ኮም ሽቱትጋርት ኣቶ የማነ ብርሃነን ብኣቦ መንበር ህ.ግ.ደ.ፍ. ሽቱትጋርት ኣቶ ተወልደ ቴድሮስን ናይ ደገፍን ዮሃናን ቃል ኣተሓሳለፉ።

በዚ ኣጋጣሚ ሽማግለ መኸተ ከተማ ሽቱትጋርት ኣቶ ዮውሃንስ ተኽለ ነቲ ብዓሎቕ ዝተነድቀ ዘይፍትሓውን ዘይሕጋውን፡ብይን እገዳ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ሓሊፉ ዘሎ ንምፍሻልን ፡ ንሓድነትና ንምዝራግ ፡ ዝእለምን ዝጥጃእን እከይ ፍሕሶታት ፡ ብስጡም ሓድነት ከም ወትሩ ክምክት ታሪኻዊ ግዴታና ስለ ዝኾነ ብጀረመን ደርጃ ንዕለት 27.04.12 ኣብ ከተማ በርሊን ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ክካየድ ምዃኑ ሓበረ ።

ተሳተፍቲ በዓል 8 መጋቢት ከተማ ሽቱትጋርት ድማ ንዝቐረብሎም ሃገራዊ ጻውዒት ብምቕባል ፤ ሕጅውን እገዳ ምሉእ ብምሉእ ክይተላዕለ ኣንጻር ዝመጸ ተጻብኦ ሃገናን መንግስትናን ብስጡም ብሓድነት መኸተና ቀጻሊ እዩ ክብሉ ብሃገር ደርጃ ካብኦም ንዝሕተት ንኽማልኡ ድልዋት ምዃኖም ገለጹ።

ንኽብረን ዝኸረን ተቓላሲት ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ዝገልጽ ብመንእሰይ ሚለና ዮውሃንስን መንእሰይ ፍትሒ ተኽለን ከምኡውን ብንጡፍ ተጋዳላይ ኣቶ ኣንገሶም ኢሳቕን ዝቐረቡ ታሪኻዊ መልኽትታትን ፤ ብስነ-ጥባባዊ ኣቶ ክፍሎም ገ/ልኡል ዝቐረበ ውዕዉዕ ባህላውን ዘመናውን ትልሂትን፡ ብተሳተፍቲ በዓል ዓቢ ኣድናቖት ኣትረፉ። ከምኡ'ውን ዕድመ ኣኽቢሮም ነቲ ኽቡር በዓል ንምጽንባል ካብ ከተማ ሙንሸን ግላድባኽ ፡ ከለን ክረፈልድ ኦበርሃውሰን ድዙልዶርፍን ከባቡኤንን ዝመጹ ሃገራውያን ተሳተፍቲ ከምኡ'ውን ብፍሉይ ጥርናፌን ውዳበን ዝመጸ ኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከተማ ከለንን ሙንሸን ግላድባኽን ፡ ብዝተራእየ ሕጉሰን ሓድነት ዝመልኦ ሃዋህውን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀትን ምዓርግን ብምሃብ ፡ መደብ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ብዓወት ክዛዘም ከሎ ፡ ተሳተፍቲ ብዓል ድማ ኣብ ሰለማዊ ሰልፊ የራኽበና እናበሉ ብጽቡቕ ምንዮት ተፈላለዩ።

ዓወት ንሓፋሽ
ዕድመ ን 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ
ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ነቶም ምእንታና በጃ ዝሓለፉ ጀጋኑ
ሃ.ማ.ደ.ኤ. ሽቱትጋርት ዕለት 29.03.2012